*መጋቢት 08 ኣህግራዊት ማዓልቲ*
*ደቂ ኤረይ ተቃሊሰን ጸረ መግዛእቲ*
*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*
*በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

***ቀዳመይቲ ስውእቲ ተጋዳሊቲ ተሐኤ ነብሮ***



***ብቀዳመይቲ ስውእቲ ኣለም መስፍን ክጅምሮ***
***ብዕድመ ዝሃቦ ህዝቢ ዝሐተቶ ጽባሕ ይዝርዝሮ***
***ፍትሒ ምስ ነገሰ ክዝንቶ ዩ ታሪኽ ኣለም ዋዕሮ።***

***ንዕርቂ ናብትን ናብትን ክትጻፋዕ***
***ብትእዛዝ ጸረ ስኒት ጉጅለ ክዳዕ***
***ኣለም መስፍን ዋዕሮ እታ ተባዕ***
***ምስ ብጻያ ኣብ ግባራ ትውቃዕ..***

***ኣደታት ደቂ ኤረይ ከምታ ስእልኽን***
***ማሕበረይ ማሕበርኪ ሐዲግክን***
***ኣብ 20017 ክተራጋግጽኦ ሐድነትክን***
***ኣብ 8 መጋቢት ምሕጽኖተይ ንዓኽን..***



***ዋዕሮታት ደቂ ኤረይ ሰሪሔን ቅያ***
***ምሳኽን ኣለዋ ዝሰንከላ ዝደመያ***
***ኣብ 8 መጋቢት ብሐደ ድምጺ ተደሃያ***
***ወለዶ ሎሚ  ኣሰርክን ንፍትሒ ክጎያ..***

***ክላቦ ብምኽንያት ኣህግራዊት መዓልቲ***
***ከምተን ንድርብ ወጽዓ ዝኸፈላ መስዋእቲ***
***ኣርኣያ ክትኮና ክንዲ ኣደ ሐፍቲ ምእንቲ***

*ዓወት ክትሐፍሳ ተጠርነፋ ኣብ ሐንቲ..*

*ትማሊ ብኣርዮስ ከምዘይ ተጠለማ*
*ኣለዋ ህግደፍ ክብላ እዝንና ዝጽመማ*
*ወስና ብስኒትክን ቀኒኤን እንተ ለበማ..*

*እተን ቁሩብ ቁራበና ክንዲ ኣደ ሐደ*
*ክንዲ ማዓሮይ ሳንዳይ ኣብሻይ ከም ኣደ*
*ደብስኣ ነደ ስዉእ ዝዘኽተመት ወሊዳ ንሐደ..*

*እኒ ምርያም ሰናይት እተን ዝበልሐ*
*ብዓውታ ጸውዓ ኡሱራት ክፍትሐ*
*ኣሰርክን ክስዕባ እተን ዝፈርሐ..*

*ለበዋይ ተቐበላ ኣደታት ድያስፖራ*
*ከምታ ስእልኽን ብስኒ እሞ ዘምራ*
*ንሕና ንሱ ዝብላ ህግደፋዊያን ክሕፍራ*
*ምቓልሕክን ክበጽሕ ንሃገርና ንኤረትራ*
*ጥፋእና ክብላ እኒ ፎዝያ ብስልጣን ዝዓወራ*

*ደቂ ኤረይ ተቃሊስክን ንድርብ ወጽዓ*
*ዘለቅለቅ ኣይትበላ ኣብ ዕላማኽን ጽንዓ*
*ከይትጠልማ ኣቲኽን ኢኽን መብጻዓ።*

*ድሕረኺ ንሜዳ ዊሒዘን ብዙሓት*
*ኣሰር አለም ተሰዊኤን ሰንኪለን ብትብዓት*
*ተቓላሲት ተሓኤ ብግብሪ ዘመስከረት*
*ተቓሊሳ ንመሰላ ንነጻነት ንሐርነት*
*ንድርብ ወጽዓ መስዋእቲ ዝኸፈለት..*

*ተቃላሲት ግንባር ውን ብጊደኣ*
*ሓየት ጓል ኤረይ ተዋጊኣ ኣዋጊኣ*
*ዋዕሮ ተቓሊሳ ዓዲ ምስ ኣተወት*
*ብእኒ ፎዝያ አስካሉ ዝተጠልመት..*

በቲ ሓደ ትዋጊኢ በቲ ሓደ ትወልዲ
ነርኪ ኣደ ጽንዓት ሓባሪት መንገዲ
ዋዕሮ ሓራስ ነብሪ ጀጋኑ ትወልዲ።

ብንግሆ ደም ኤረትራዊያን ዝለመደ
ምስ የመን ኢትዮጵያ ሐዋ እንዳ ኣጎደ
ንፍረኽን ብመደብ ከየትረፈ ዋላ ንሐደ
ብዶብ ኣሳቢቡ ኣጥፊእዎም በብሐደ..

ዓገብ ዝብሉ ዝብላ ስለ ዝሰኣንኪ
ዋዕሮ ሓድጊ ገዲፍኪ ምስ ተሰዉእኪ
ሐድግኺ ሲዒባ ሲዒቡ አሰርኪ
ድያብሎስ ብዘይ ሓድጊ አትሪፉኪ..

ወላዲት ዋዕሮ ጅግና ርእሳ ተደርሚማ
ራኢኦም ሰሚርሎም ንሰብ እኩይ ዕላማ
ዋዕሮ ጓል ኤረይ ብደቂ ማማ ተጠሊማ..

ዘይሐሰብካዮ ርኽብ ኣይመርገም ኣይምርቓ
ራኢና ብጨፍራ ህግደፍ ብጨሉቕ ተሰረቓ
ራኢ ኣይነበሮን ምባል ተረኺብለይ ጣቓ..

ራኢ ስለ ዝነበረና ንነጻነት ተቃሊስና
ንብልጽግቲ ኤረትራ ወዲቖን ዋዕሮታትና
ተገሪህና ዘይናትና ዘርኢ ሐደጋ ወዲቖና..

ህግደፍ ራኢ ስዉኣትና በታቲኖሞ
ባህልና ልምድናን ኮይኑ ዘርሞ ዝርሞ
ምስሐቕ ሽራፋት ኮና ንኣዳም ገረሞ
ብህግደፍ ፈሪሱ ዋዕሮ ጅግና ዝዛሞ
ጨፍራ ህግደፍ ካብ ደርጊ ከፊኦሞ
ወለዶ ትማሊ ሎሚ ኣቦ ኣደ ንሳነ እሞ
ንኣርዮስ ኣሊና ክንሃንጾ ኣጉዶ ምስ ህድሞ..

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ

***ክብርን ምጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና***
***ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና***
***ዕንወት ንጃ ንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና***
***ዓወት ን8 መጋቢት ታሪኻ ዊት ዕለት።***